# ህዝቢ ትግራይ መንገዲ ሰላም ልምዓትን ዴሞክራስን እምበር መንገዲ ህውከት ጥፍኣትን ትምክሕትን ዝመርጽ ከይመስሎም

መንገዲ ሰላም ልምዓትን ዲሞክራሲ ኣብ ሀገርና ካብ ዝዝርጋሕ ክልተ ዓሰርተታት ዓመታት ዕድመ እዩ ኣቑጺሩ ። ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ ሓጸርቲ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ዝተሰርሑ መስመራት ሰላም ልምዓትን ዲሞክራስን ግን መዳርግቲ ኣይርከቦን እዩ ። ምክንያቱ ነቲ ንዘመናት ተጻዊንና ዝነበረ ፊውዳላዊ ስርዓትን ኣተሓሳስብኡን ኣብ ሓጺር ጊዜ በዲህና ጅማሮ መሰረት-ኩርናዕ ሰላም ልምዓትን ዴሞክራስን ክንዝርግሕ ምክኣልና ንሰናይ ቅንኢ ዘለዎም መሓዙትናን ደለይቲ ጽቡቕናን ትምህርቲ ንጸላእትናን ደለይቲ ክፉእናን ሕማም ርእሲ እዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ዓንዲ ሕቖ መሪሕ ውድብና ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ንምዝርጋሕ ዝተገበረ ቃልስን ዝተከፈለ መስዋዕትን ካብ ማንም ዜጋ እዛ ሀገር ዝተሸፈነ ኣይኮነን። ነዞም ሰለስተ ሰራውር ዕብየት ሀገርና ንምዝርጋሕ እቲ ቃልሲ  ኣብ ሰጣሕ ጎልጎልን ሰቲ ዝተነጸፎ ጥጡሕ መንጸፍን ኣይኮነን ዝካየድ ዘሎ። እካድኣስ ካብቲ ኣብ ጊዜ ቃልሲ ዘሕለፍናዮ ሂወትን ዝከፈልናዮ መስዋእትን ብዘይነኣኣስ ዓበይቲ ጎቦታት ድክነትን ድሕረትን ከምኡውን ጽልሙትን ኣሻክን ኣተሓሳስባ  ተደቂኖም መስመራት ሰላም ልምዓት ዴሞክራስን ከምቲ ንደልዮን ንምነዮን ንከይ ንስጉም ዕንቅፋት እንተኮኑ'ውን ድልዱል መሰረት ሰሪትና ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ተቃለስቲ ሰላም ልምዓት ዴሞክራስን ኣፍሪና ብጌጋውን እንተኮነ ንድሕሪት ኣብ ዘይንምለሰሉ ደረጃ በጺሕና ንርከብ። መሪሕነት ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ዓሚሩ  ትጉሃትን በላሕትን መሪሕቲ እቲ ውድብ ሎሚውን ከምትማሊ መልሓሶም ብዘይምዕጻፍ ሕድሪ እቶም ኣናብስ ስውኣት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ሾትኡ ንምብጻሕ ግላዊ ድልየቶም ቀቢሮም ንሓባራዊ ድልየት ህዝቢ ብምስላፍ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ንምግልጋል ኣብ ገድሊ ይርከቡ።

ዝርገሐ መስመር ሰላም ልምዓትን ዲሞክራስን ኢህወደግ ዘይተወሐጠሎምን ዓይኖም ደም ዝሰረበ ሓይልታት፣ መረጻ 2002 ምክንያት ብምግባር ካባ ዘውዳዊ ስርዓት ተከዲኖም ናብ አደባባይ ምውጻእ ጀሚሮም አለዉ፡፡ ካባ ዘውዳዊ ስርዓት ለቢስካ ናብ መረጻ ኢትዮጵያ ምቅራብ ሓዲሽ ክስተት እዩ እካ እንተዘይተባሃለ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ቃልሰይ እዩ ጭቆና ህዝቢ ትግራይ ጭቆናይ እዩ ብምባል ሽግ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብምውላዕን ኣብ ጊዜ ቃልስን ድሕሪ እቲ ቃልስን ኣብ መሪሕነት ቦታ ተቀሚጦም ክቃለሱን ከቃልሱን ድሕሪ ምጽናሕ ንዝተቃለስሉ ዓላማ ብምክሓድ ስርዓት ጃንሆይ ናፊቀ ኢሎም ንብዓት ሐርገጽ ምንባዕ ንመን ንምትላል ይከውን፡፡

እቶም ትማሊ መራሒ ውጹዑ ህዝቢ ትግራይ ሎሚ ናፋቂ ጨቆንትን ጨፍጨፍትን ስርዓታት ዝኮኑ አይተ ስየ ኣብርሃ ሓዳሽ ውድቦም አመልኪቶም ንጋዜጠኛታት ካብ ዝሀብዎ መልሲ ብምልዓል ህዝቢ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታትን ርእይቶን ክምርምር እጋብዝ

1. መረጻ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ሓደ መረጻ መረጻ እዩ ንክበሃል እንታይ እንታይ ረቛሕታት ክማልእ ይግባእ? ኣብ ዘውዳዊ ወተሃደራዊን ዴሞክራስያዊን ስርዓታት ዘሎ ናይ መረጻ ስርዓት ብምንታይ ይመሳሰል ? ብምንታይ ይፈላለ? ብምንታይስ ይበላለጽ ? ኣብ ሰለስቲኦም ስርዓታት ንመረጻ ዝቀርቡ ዜጋታት መን እዮም ? ተመረጽቲ ኮይኖም ንክቀርቡ እንታይ ክማልኡ አለዎም (ዜግነት/ደም/ዘርኢ/ዓሌት/ቀለም/ጾታ/ሃይማኖት ወ.ዘ.ተ….

2. ኣይተ ስየ ኣብርሃ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ መረጻ ዘውዳዊ ስርዓት ካብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዲሞክራስያዊ መረጻታት ሀገርና ይበልጽ እዩ ኢሎሙና? እንድሕር ዝበልጽ ኮይኑ ዝበልጸሎም ረቃሒታት ይዘርዝሩ ፡፡ ብምንታይ መረጻ ዘውዳዊ ስርዓት ይበልጽ ብምንታይከ ዝሓለፉ ሰለስተ ዴሞክራስያዊ መረጻታት ይንእሱ ፡፡ እስኪ ምክንያታዊ ኮይኖም መልሲ ይሃቡና፡፡

ሸፋፊንካ ዝሕለፍ ጉዳይ ኣይኮነን እንትርፎ ንመፈጸሚ ሕቡእን ቅቡርን ዓላማ እንተዘይኮይኑ ።

3. ህዝቢ ኢትዮጵያ ከምዝፈልጦ ኣይተ ስየ ካብቶም ሰለስተ ዴሞክራስያዊ መረጻታት ሃገርና ኣብተን ቀዳሞት ክልተ መረጻታት ከም መንግስትን ከም ውድብን ኮይኖም ዴሞክራስያዊነት ናይተን መረጻታት ብምርግጋጽን ዴሞክሪያስያዊ መሰሎም ብምጥቃም መሪጾም ተመሪጾም ተወካሊ ሕዝቢ ኮይኖም ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ንዝመረጾም ህዝቢ ኣገልጊሎም እዮም። ስለዚ እዚ ካብ ሓፋሽ ዘይተሐበኤ ዴሞክሪያስያዊ ተሳትፍኦም ኣበይ ሰንድዮም እዮም ሎሚ ካልእ ሓድሽ ማልያ ለቢሶም ባዕሎም ንዝተዋስእሉ ዴሞክሪያስያዊ ድራማ ዴሞክሪያስያዊ ኣይነበረን ካብ ብጊዜ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝግበር ዝነበረ መረጻ ብዓይነቱ ዝወረደ መረጻ እዩ ብምባል ንዝተቃለስሉን መሰሎም ንዘክበርሉን ሕገ-መንግስታውን ዴሞክሪያስያዊን መረጻ ብድፍረት ኣብ ኣደባባይ ዘናሸዉ ። ኣብ ዝተሳተፍሉን ክሳተፉሉ ዝጻለዉሉ ዘለዉ መረጻ ካብ መረጻ ሃጸይ ዝሓሸ ኣይኮነን ዝብል እምነት እንተ ሃልዩዎም ንምንታይ ኣብተን ዝሓለፉ ክልተ መረጻታት ናብ መረጻ ዓለም ኣትዮም መሪጾም ተመሪጾም ተወካሊ ህዝቢ ኮይኖም ንዝመረጾም ህዝቢ ኣገልጊሎም ? ንቀጻላይ መረጻስ እንታይ ተስፋ ስለዝረከቡ እዮም ከምቲ ንሶም ዝበልዎ ካብ ሃጽያዊ ስርዓት ዝወረደ መረጻ ኣብ ዝግበረሉ ስርዓት ክሳተፉ ዝወሰኑ ?

4. ኣይተ ስየ ኣብርሃ ካብ ምውድዳር መረጻታት ብተወሳኺ ብዛዕባ ውልቃዊ መንነቶምውን ብዘይሕፍረት ብፍከራን ትምክሕትን ዝተደገፈ መግለጺ ኣስሚዖሙና እዮም ። መን ምካንካ ክንግረካ ምስ መን ከምትውዕል ንግረኒ ይብሉ ኣቦታትና ሕማቅ ዕድል ኮይኑ ኣይተ ስየ ስርዓት ትምክሕቲ ንምቅባር ንኣስታት ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ስርዓት ትምክሕቲን ጥፍኣትን ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓመድ ድብ ንምልባስ ከምዘይተቃለሱ ሎሚ ጸበል ጽንፈኛ ትምክሕቲ ቀሚሶም ስየ ማለት ትግራይ ትግራይ ማለት ስየ ብዝብል ነጸላ ዜማ እንዳቆዘሙ ይርከቡ። እቲ ናይ መወዳእታ

ኣተሓሳስብኦም እውን ብከምዚ ዝስዕብ ባዕሉ ንባዕሉ ዝባላዕ ሓሳብ ይገልጽዎ ስየ ካብ 4 ሚልዮን ህዝቢ ትግራይ እቲ ዝሓሸ ትግራዋይ እዩ ፡፡ ህ.ወ.ሓ.ት ምሳይ ክወዳደር ዝክእል ሃደ ትግራዋይ ከቅርብ ኣይክእልን እዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብቲ ዝግበር መረጻ ሃገርና ኣብ ትግራይ ኣነ ኮነ ኣይተ ገብሩ ኣስራት ተወዳዲርና እንተዘይሲዕርና እቲ መረጻ ዴሞክራስያዊ ኣይኮነን / ተጭበርቢሩ እዩ ብምባል መግለጺ ሂቦም፡፡

በየናይ መለክዒ እዮም ካብ ኩሉ ትግራዋይ ዝበልጹ? በየናይ መልክዕስ እዮም ምስ ዴሞክሪስያውያን ተወከልቲ ልምዓታዊ ውድብ ህ.ወ.ሐ.ት ዝበልጹን ዝስዕሩን? ብትምክሕቲ? ብትምህርቲ? በተሓሳስባ? ወይስ ከምቲ ኣይተ ልደቱ ኢያሴው ዝበልዎ ኣብ መንጎ ድካ ህዝቢ ተምቤን ንዝነብሩ ቤተሰቦም ፈልዮም ናይ ጄኔሬተር ግልጋሎት ብምሃብ? ወይስ ካብ ተሃድሶ ህ.ወ.ሐ.ት 1993 ዓ.ም ደም ስውኣት ረጊጽካ ብምውጻእን ንዝተቃለሰሉ ዓላማ ብምኽሓድ ምስ ጨፍጨፍትን ረገጽትን ህዝቢ ትግራይ ብምስላፍ? እስኪ ንገሩና ካልእ ዘይንፈልጦ ታሪክ ዶ ኣለዎም እዩ?

ህዝቢ ትግራይ ከም ካልኦት ኣሕዋት ህዝብታት ኢትዮጵያ ሕገ-መንግስታዊ መሰሉ ብምጥቃም ዝተዓጠቃ ዴሞክራስያዊት ካርድ ስለዘላ እቲ ፍርዲ ንህዝቢ ትግራይ ክሓድጎ ፡፡ ኣሰላልፋ ናይቲ ውድድር ግን ከም ማይ ጉሓት እንዳነጸረ ይርከብ፡፡ ብየማን ሓይልታት ሰላም ልምዓትን ዴሞክራስን እንክስለፉ ሓይልታት ህውከት ጥፍኣትን ትምክሕትን ብጸጋማይ ወገን ይርከቡ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ንዝተቃለሰሎም ዕላማታት ንዝከፈሎ መስዋእቲ ረጊጾ ምስቶም ትማሊ ዝጨፍጨፍዎን ዝሓረድዎን ንጥፍኣት ዝተሰለፉ ሓይልታት ንሓንቲ ካሊእትውን ትኩን ክሓብርን ክድግፍ ኣይክእልን እዩ ፡፡ ኣብ መወዳእታ ሓይልታት ጥፍኣት ኣጸቢቆም ክርድእዎ ዘለዎም ነገር እንተሃለወ ግን ህዝቢ ትግራይ መንገዲ ሰላም ልምዓትን ዴሞክራስን እምበር መንገዲ ህውከት ጥፍኣትን ትምክሕትን ዝመርጽ ከምዘይኮን ካብቲ ናይ ትማሊ ታሪኩ ክርድእዎ ይግባእ ፡፡ ሰላም ቅነ ሰላም መረጻ !!!!

በሽ ካብ አዲስ አበባ